# ወርቃዊት ጽገሬዳ !

ወርቃዊት ጽገሬዳ : ዳግም ጸዲቓ ኣብ ኣህጉርና ኣፍሪቃ :
እዛ ወርቃዊት ጽገሬዳ : ጸዲቓ ኣብቲ ርሱዕ ቦታ
ግርማ ደሪዓ : ብጻዕሪ ናይ ደቃ
ነቲ ሕሱም ጸልማት : ንመዓሙቕ ቀቢራ
ኣብ ውሽጢ ከርሳ : ምልኣተ ጸሓይ ኣብሪቓ :

ምዕንባባ : ንሓቂ ክትብርበር
ንማሕጕዳ ፍትሒ :  ብጥበባ  ትወቅር
ህዝባ ክርያሕ : ያሒት ዓመጽ ክቕበር
ሂወታ ትውፊ : ብመኸተኣ ትነብር :

ኤርትራ ! እዛ ሓድጊ ጀጋኑ :
ዘይትዳነ : ብናይ ዓምጽ ደያኑ
ምዑት ህዝባ : ዘይጠልም ኪዳኑ
ኣብ ጽንኩር እዋን : ዝሓንን ወኑ :

ህልውነኣ ዝበላለጽ : ካብ ዓመት ንዓመት
ኣብ ዓይኖም ቦቕላ  : ከምዘይንቀስ ኩልመት
ነቶም ስሱዓት : ብሓይሎም ምኩሓት
ንዘይተርፍ ኑዛዜ : ኣለምቲ ከድዓት :

እወ ! እዛ ወርቃዊት ጽገሬዳ : ንክትህሉ ብደቃ ወቂባ
ወርቂ ክትፈሪ : እነህትለ'ንዶ ዓምቢባ
ንፈተውታ  ትቕበሎም : ብሰናይ መርሓባ
ጠባይ  ንዘውሓደ : ኣብኣ ይረኽባ :

እዛ ወርቃዊት ጽገሬዳ :
ጸዲቓ  ኣጕላዕሊዓ : ኣብቲ ርሱዕ ቦታ
ዘይቅህም መብራህቲ : ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ
ከም በርቂ ትመልሕ : ንሓቂ ሓቝና
ብመኸተ ህዝባ : ዘውዲ ዓወት ደፊኣ :

ደይባ እንድያ : ኣብ ዝበረኸ በሪኽ
ንብድሆታት ሰዒራ : ንምዕባለ ክትመልኽ
ንደረቐኛ ንስሪ ትሃድን : ኣኸናፉ ከይዝርግሕ
ኣደቡ  ክሕዝ : ናብ ዝመጾ ክምለስ :

ኣይንገራህ ጥራይ : ካብ'ዚ ጻዕዳ ኣምበጣ
ዝተባረኸ መኣዲና : ከይገብሮ ገበጣ
ዓቕሚ'ኳ ዘይብሎም : እኒወኻርያ ተኹላ
ከም ምህሙን ጻህያይ : ዝበታተኸ ኣብ ጉስያ :

ሎሚ ዓምቢባ : እንተፈረየት ወርቂ
ኣደራሻ  እንተወቀበ : ብእምኒበረድ ዓንዲ
ድምጺና ነጒዱ : እንተወጸት ሓቂ
ውጽኢት መኸተና'ዩ : ናይ'ቲ ስሙር ቃልሲ :

**ውሁድ ቅኒት : ንሃገራዊ ክብረት**
**ሕመረት ዓወትና'ዩ : ሓጺናዊ ሓድነት:**

**ዓወት ንሓፋሽ**
መድሃኔ ተስፋኣለም ( ብርዒ ሓቂ )

